# ናይ መንግስቲ ህግደፍ ዝነደየ ፖለቲካዊ ዕላማ፡ ህዝብን ሃገርን የዕኑን ይብትንን'ምበር ኣየድሕንን፡

መሪሕነት ህግሓኤ /ህግደፍ/ ኣብ ስልጣን ካብ ዝመጽእ ንደሓር ኣብ ዘሎ ሓያሎይ ዓመታት፡ ኣወንታዊ ፖለቲካዊ ተራ ዝተጻወቶ እንተነበረ፡ ሃገራዊ ነጻነትናን ልዑላውነትናን ኣብ ሕብረተ ሰብ ዓለም ተፈላጥነት ክረክብ ኣብ ምግባር ዝተጻወቶ ኣወንታዊ ተራ ጥራሕ እዩ፡፡ ድሕሪኡ ኣብ ዘሎ ከባቢ 31 ዓመታት ግን ናይ ዓፈናን ጭፍጨፋን መሓውራት /ትካላት/ ብምጥያስ ናብ ገዛኢ ጨቋኒ ደርቢ ነብሱ ብምስግጋር ኩሉ ድሌቱ እምነቱን ስጉምቲታቱን ኣንጻር ድሌት፡ መሰልን ጠቕምን ናይ ህዝብታትና ብምቕናዕ፡ ነቲ ብባዕዳዊ መግዛእቲ ዝበጽሖም ዝነበረ ጭቆናን ምዝመዛን ግህሰት ሰብኣዊ መሰልን ኣጠናኺሩ ብምቕጻል፡ ህዝብታትና ሓሳረ መከረኦም ክርእዩ እናገበረ እዩ መጺኡን ዝቕጽል ዘሎን፡፡

እዚ ካኣ ህዝብታትና ከም ዘይተቓለሱን መስዋእትነት ከም ዘይከፈሉን ኣብ መስርሕ ቃልሲ ብዙሕ ሓሰረ-መከራ ከም ዘይረኣዩን ዘይተሳቐዩን፡ ብዋጋ ናይ ቃልሲ መስዋእቶም ክረኽብዎ ዝግባእ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ከይረኸቡን ከይጥቀሙን ተኣጊዶም፡ ብዛዕባ መሰሎምን ጥቕሞምን ኣመልኪቶም ክሓቱ ይኹኑ ክሓስቡ'ውን ተኸልኪሎም መሰል ኣልባ ክኾኑ ተገይሮም እዮም፡፡ ስለ ዝኾነ ድማ ህዝብታትና፡ ገባቲ መንግስቲ ህግደፍ ብዝሓሰበሎምን ብዝመደበሎምን ጥራሕ ክጓዓዙ እናተገደዱ ናይ ሕልናን ኣካልን እሱራት ብምዃን ነዚ ኣረሜናዊ ስርዓት ብጉልበቶም፡ ብውላዶምን ሃብቶምን ብግዴታ እናኣገልገሉ፡ ንድኽነትን ንተጸባይነትን ተሳጢሖም ኣብ ዝተነጸለትን ሕግን ፍትሕን፡ ልምዓትን ምዕባሌን ዝረሓቓን ቤት ማእሰርቲ ናይ ህዝብታታ ዝኾነት ናብ ውድቀትን ፍሽለትን ዘአንፈተት ብቐትሩ ዝጸልመታ ሃገር እናተሳቐዩ ዝነብሩ ዘለዉ ህዝብታት እዮም ኢልካ ምግላጽ ዝካኣል እዩ፡፡

እዚ ናብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወርድ ዘሎ መዳየ-ብዙሕ ጭቆና፡ ምዝመዛን ሓሳረ መከራን ጸሓይ ዝወቕዖ ሓቂ ኮይኑ እናሃለወ፡ ጸላኢ /ህግደፍ/ ገበናቱን ክፍኡን ንምኽዋልን ንምድንጋርን ክብል፡ ነዚ ኣብ ዓለምና ዝረአ ዘሎ ፖለቲካውን ዲፕ/ውን ምስሕሓብን፡ ዘሰክፍ ንጥፈታት፡ መልክዕ ናይ «ዝሑል ኲናት» ዘንጸባርቕ ምትእስሳራት ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ብምውሳድ ዘቤታዊ ወጽዓታትን ጸገማትን ንምድብዛዝ ቀልብን ሃምን ናይ ህዝብታትና ንግዳም ክቐንዕ ብምግባር ንክጥቀም ሓደስቲ ዓሰብትን መወልትን መንግስታት ንምርካብ ላዕልን ታሕትን ኣብ ምባል ይርካብ ኣሎ፡፡ መደቡ ንምዕዋት ድማ ንምቑእነትን ሰሓብነትን ናይ ባሕርናን ወደባትናን ንምክራይ ናብ ዕዳጋ ብምውራድ ክጥቀም ሃንደፍደፍ ኣብ ምባል ይርከብ፡፡ በዚ ኣቢሉ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ሰላምን ምርግጋእን ንከይርከብ እናገበረ ክጥቀምን፡ ብስም «ናይ ከባቢና ሰላምን ምርግጋእን ተራና ክንጻወት ኣለና» ዝብል ኣስካርን መደናገርን ፕሮፖጋንዳ እናቃለሐ እቶም ዝተረፉ መንእሰያትና ናብ ዘይቅኑዕን ኣብራስን ውግእ እናነቕተ ንብላሽ ክሃልቁን ክስንኩሉን ብምግባር ክጥቀም ኣብ ምጽዓር ይርካብ ኣሎ፡፡

እዚ ኣብራሲ ውጥን'ዚ እንተሰሊጡዎ ህዝብታትና ካብ ዝጸንሑዎን ዘለዉዎን ኩሉ-መዳያዊ ጸገማትን ሓሳረ-መከራን ብዝያዳ ክጽገሙን፡ ናብ ናይ ውድቀት ሓደጋ ብዝያዳ ክሳጥሑ ክገብር ከም ዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን፡፡ ፖለቲካዊ ዕላማ ናይ ህግደፍ ንህዝብን ሃገርን ኣወንታዊ ኣገልግሎት ምሃብ ዘብቀዐን ዝነደየን ኮይኑ እናሃለወ፡ እዚ ገባቲ ስርዓት'ዚ ግን ኣብ ህዝብታትና ኣወንታዊ ተራ ምጽዋት ገና ከም ዘይወደአ፡ ልዑላውነት ህዝብን ሃገርን ናይ ምኽባርን ምውሓስን

ተራ ይጸወት ከም ዘሎ ኣምሲሉ ንህብታትና ብሓይሊ ክኣምኑን ክቐበሉን ንምግባር የገድድ ብምህላዉ ዝተሓሳሰብ ተርእዮ እዩ ዝቕጽል ዘሎ፡፡

እዚ ብገባቲ መንግስቲ ህግደፍ ዝቕጽል ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ወጽዓን በደላትን ከምዚ ኢሉ እናሃለወ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ነዚ ዝነደየን ኣብራስን ዕላማን ምሕደራን ናይ መ/ህግደፍ ብኣወንታ ዝርእዩን ዝቕበሉን እምነትን ዝምባለን ምርኣዩን፡ ዝተወሰኑ ኣካላት ድማ ምስ'ዚ ዝነደየ ስርዓት ናይ ምትዕራቕ ርእይቶን ዝምባለን የንጸባርቑ ብምህላዎም፡ ኣንጻር ጸላኢ ተወሃሂድካ ኣብ ምቅላሰ ንህዝባዊ ቃልስና ዘይናዓቕ ኣሉታዊ ብድሆ ዝፈጥር፡ ንጸላኢ ድማ ግዝያዊ ተስፋ ዝህብ ኩነታት ስለ ዝኾነ፡ ህዝባዊ ቃልስና ተኣማሚኑን ተወሃሂዱን ንከይቃለስ ዝጸባእ ኣሉታዊ ፖለቲካ ንምውጋዱ ተወሳኺ ቃልሲ ከነካይድ ዝሓትት ኢዩ፡፡

ነዚ ብጸላእን ደገፍቱን ዝግለጽ ዘሎ ዕላማ፡ ናይ ሓሶትን ምድንጋርን ሜላን ተቓሊስና ንምስዓር ድማ፡ ኣብ ጭቁናት ህብታትና፡ ገባቲ መ/ህግደፍ ኣወንታዊ ፖለቲካዊ ዕላምኡን ተግባሩን ቅድሚ ዓሰርተታት ዓመታት ከም ዝነደየን ዘብቀዐን፡ እቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝፍጽሞ ዘሎ መጠነ-ከቢድ ጭቆናን ምዝመዛን፡ ኣደናጋሪ ፕሮፖጋንዳን ድማ መርኣያ ናይ ንድየቱን ኣሉታዊ ተግባራቱ ምዃኑ ንምርዳእን፡ ተረዲኡ ክቃለስ ዘብቅዕ ቀጻልነት ዘለዎ ፖለቲካዊ ስራሕ ከነካይድ ዝሓትት ፍሉይ መድረኽ ናይ ቃልሲ ኢና እንርከብ ዘለና፡፡ ስለ ዝኾነ ፖለቲካዊ ዕላማ ናይ ህግደፍ ምልክትን መግለጽን ናይ ኣረሜንነቱን ከድዓቱን እምበር ናይ ቅንዕንኡን ሃገራውነቱን ስለ ዘይኮነ፡ ህዝብታናን ተቓወምቲ ሓይልታቶምን ከም ውጹዓት መጠን፡ ዘለና ብሕታዊ መማረጺ ካብዚ ዝነደየ ስርዓት'ዚ ክንዲ ፍረ-ኣድሪ ትኽውን ኣወንታ ከይተጸበና ኣንጻሩ ምቅላስን ምቅላስን ጥራሕ ምዃኑ ፈሊጥና፡ ሃገራዊ ዓቕምታትና ኣበራቢርናን ኣወሃሂድናን ብንቕሓትን ብቕዓትን ክንቃለስ ኢዩ ዘዋጸኣናን ናብ ኣፍደገ ዓወት ዘምርሓናን፡፡

እዚ ክንገብር እንተዘይበቒዕና ግን እቶም ጸረ ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ጨካን ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝብታትናን ሃገርናን ዝፍጽሞም ዘሎ ዝተፈላላዩ ጭቆና፡ ምዝመዛን በደላትን ከድዓትን ህያው ኮይኖም ክቕጽሉን ህዝብታትና ናብ ዝኸፍአ ናይ ውድቀትን ምብትታንን ሓደጋ ዘሳጥሕ ኩነታት እዩ ክዓብን ክቕጽልን ዝኽውን፡፡ ነዚ ናይ ኩሉ መዳያዊ ወጽዓን ሓደጋ ውድቀትን ምብትታንን ጠንቂ ዝኾነ ዝነደየ ስርዓት ህግደፍ ምዃኑ ኣብ ህዝብታትና ፖለቲካዊ ኣፍልጦ ከረጋገጽን ክምዕብልን ዘኽእል ፖለቲካዊ ስራሕ ብዘይ ምቁራጽ ምስራሕ ብሓደ ገጽ፤ በቲ ካልእ ገጽ ድማ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ዝቀላቐል ዘሎ ናይ ዝተወሰኑ ኣካላት ናይ ተዓራቕነት ፖለቲካዊ እምነት ብቃልሲ ንምስዓሮምን መውጋዶምን ዘኽእል መድረኻዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣሓይልና ከነካይድ ክንበቅዕ እዩ ዝህልወና፡፡

ናይ ህግደፍን ንምትዕራቕ ዝሓልሙ ዘለዉ ደገፍቱን ጭቡጥ ፕሮፖጋንዳን ተደሚሩ፡ ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ኣወንታውን ሓላፍነታውን ተራና ኢና እንጻወት ዘለና ይበሉ ዳኣምበር፡ ሺሕ ግዜ ከደናግሩ እንተፈተኑ ንህዝብታትና ሓቅን ተኣማንነትን ከረጋግጽሎም ኣይክእሉን እዮም፡፡ ምኽንያቱ ህግደፍ ብባህርያዊ መስርሕ ኣወንታዊ ተርኡ ምብርካት ካብ ዘብቅዕ ዓሰርተታት ዓመታት ዘቍጸረ ስለ ዝኾነ፤ እቶም ምስኡ ንምትዕራቕ ዝሓልሙ ዘለዉ ኣካላት ድማ ካብ ናይ ጸላኢ ዝፍለ ዕላማ ስለ ዘይብሎም ተቐባልነት ናይ ምርካብ ዕድሎም ብኣግኡ ዝመኸነ እዩ፡፡

ስለዚ ህግደፍ ከምቲ ፈረስ-ቀሺ /ቅሽነቱ ዘፍረሰ/ ክቕድስ ኣይክእልን ኣይፍቀደሉን ዝበሃል፡ ህግደፍ'ውን ናብ ጸላእነት፡ ጭቋንን ከዳዕን ስለ ዝተሰጋገረ ሕጂ ተመሊሱ ሓርበኛ ውድብ/መንግስቲ ክይኑ፡ ሰላምን ምርግጋእን ከስፍን፡ ፍትሕን ርትዕን ከረጋግጽ፡ ናይ ልምዓትን ዕቤትን ኩነታት ክፍጠር ክሰርሕን ከመርሕን ትጽቢት ዝግበረሉ ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱ ባህርያቱን እምነቱን ዘየፍቅደሉ ስለ ዝኾነ፡፡ ስለዚ እቲ ዘዋጽእ ብሕታዊ መማረጺ ናይ ቃልሲ፡ ውህደት ሃገራዊ ሓይልታትና ብምፍጣር መንግስቲ ህግደፍ ንምውጋድ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልስና ኣጠናኺርና ምቕጻሉ ጥራሕ እዩ፡፡

**ህግደፍን ዝነደየ ዕላምኡን ኣምለኽቱን ንምስዓር ንቃለስ!**

**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ/ ደ.ግ.ሓ.ኤ/**